ሰናይ ጉዕዞ ንዋዕላ ይግበረልክን ይግበረልኩም
ምእንቲ ሃገርኩም ህዝብኹም ግዜኹም ሰዊኹም
ሕድሪ ሰማእታትና ኩውን ክትገብሩ ዝነቀልኩም
ስራሕኩምን ስድራኹምን ንድሕሪት ገዲፍኩም
ሎቦዋ ህዝቢ ከተብጽሑ ሓላፍነት ተሰኪምኩም
ዘንጊ ሓቂ ሓድነት ትብል ርትዒ ሞጎትኩም
በሉ ልቢ ይሃቦም ኩሎም ብሓበራ ክሰምዕኹም
መገዲ ዓወት ሃኒጽኩም ብሰላም ይምለስኩም
ኣምየን



ብ ገብረሂወት ኣቡዓሽራ

ልዕሊ 8 ዓመት ዘዛረበ ዋዕላ ሎሚ መድረኩ ኣኺሉ
ሕሉፍ ቃልስና መዚና ንመጻኢ ኣካይዶና ንቅይረሉ
እወ ከብቅዕ መግዛእቲ ህግደፍ ካብ ስሩ ዝዓንወሉ
ህዝብናን ሃገርናን ብትንፋስ ሓርነት ኦፋይ ዝብሉሉ
ንሃገርን ህዝብን ክቡር ሂወቱን ደሙን ዘፍሰፈለሉ
ግዝኣተ ሕጊ ኣንጊሱ ብሰላም ብማዕረ ዝነብረሉ
ኣውራጃን ጾታን ሃይማኖትን ፍልልይ ዘይብሉ

ክኸውን ክኣዩ ብጽንዓት ቃልሲ ህዝብና
እናሃለ እታ መገዲ ዋዕላ ምኣዲ ህዝብና
እወ እምነ ሰረት ናይ ሓርነታዊ ቃልስና
ኣብዛ መኣዲ ኢዚኣ ይራጋገጽ ሓድነትና
ብሓባር ኩሉና ክንሃጅም ተጻኢ ጸላኢና
ባው ከም መገዲ ደርጊ መገዲ ህግደፍ
ንልብያ ንእማራት ንሓዋሩ ክጽርገፍ
እንተ ኮነ ይታሓዝ ግዲ ይኸውን

ኢዚ ክንሪኢ ምእንታን ሎበዋ ንሃገራዊ ዋዕላ
ብቃልዕ ብዘይ ንሓፍነት ቀላዓለም ዘይ ብላ
እወ ንኹሉ ዝሓቆፈ ውደባ ከይ ይረኤ ሻላ
ንምዕዋታ ክንድቲ ዝጠፍእ ግዜ ኣዋፉኡላ
ሓቂ ኢዚኣ ኢያ ህዝብና ኣብ ጎንና ዝዓሰለላ
ተ.ሓ.ኤ ክትህነጽ ብእልልታ ህዝቢ ክቅበላ
ደስደስ ክኸውን ዓቢ ፌስታ ዲቅ ዝበለ ጓይላ

እወ ንውዕላ ብህዝቢ ተረር ለበዋ ተማሓላሊፉ
ናይ ህዝቢ ለቦዋ ኣተግቡሩ ሓንቲ ክይ ተትርፉ
ይኣክል ብስርዓት ሕግደፍ ህዝብና መሰሉ ተገፊፉ
ውድብይ ውድብካ ዘይ የሳርሕ ዱሑር ሓሳብ ግደፉ
ሽግ ዓወትኩም ክትዓትሩ መሪር ጭኮና ከተናግፉ
ስምዑ ፈታዊኩም ዝብለኩም የለን ካብዚኣ ሓሊፉ

ኣብዚ ዋዕላ ዘይ ተሳተፉ ኣለዉ ተቃወምቲ

ጉዳዮም ይረኤ ኣብ ህልኽ ከይ ንኣቱ ምእንቲ
ዋዕላ ምስ ተወደኤ ቱኹን ቀዳመይቲ ስጉምቲ
ዋዕላ ክዛረበሉ ኣሎዎ ንመጻኢ ምስኦም ክዝቲ
ሸፍታ ስርዓት ኣስመራ ደስ ከይ ይብሎ ምእንቲ
ውሓለ 2ይ ጉባኤ ተ.ሓ.ኤ ምስ ህ.ሓ.ኤ ዝበለ ንዘቲ
ነዚ ሕጂ ረኺቡዎ ዘሎ ህዝብና ከይ ረክብ ምእንቲ
ጸማማም እዝኒ ዝሃብዎ ናይ ሕጂ ህግደፍ ተበለጽቲ
ከም ውጺኢቱ ዋጋና ኮይኑ ዜጋታት ሕሰም ተቐበልቲ

ንኽልቲኡ ኣብ ውዕላ ዝተኻፈሉ ዘይ ተኻፈሉ
ሕሰሰም ሃገርን ህዝብን ቀዳማይ ይሰራዕ ልዕሊ ኹሉ
ሞጎስ ክትረክቡ ብድምጺ ተማኪልካ ምኻድ ይሃሉ
ምስ ተኻእለ ኽኣ ንህዝብን ሃገርን ምሕላይ ተትህሉ
ዘኩሩ መደረ ኢሳያስ ሬሶኦም ብሳንዱቅ ንዓዲ ዝበለሉ
እስከ ነዚ ኣዛሚድኩም መገዲ ዕንክሊል ገደብ ግበሩሉ
ስምዕዎም ንሉኡኻት ህዝቢ ኣብ ዋዕላ ኢንታይ ከም ዝብሉ
ዘረቦኦም እንተዘይ ተሰምዔ ካብ ቃልሲ ምስንባት ከይ ህሉ
ጠለብ ህዝቢ ንነግር ንዛረብ ኣለና ከይ ሓባእና ኣስተውዕሉ

ዕምሪ ህግደፍ ተናውሕ ተሕጽር ውጺኢት ናይ ዋዕላና
ነዚ እና ፈለጥና መልክዕ ምስልና እንተዘይ ቀይርና
መስራቲት ሰውራ ጀብሃ ናብቦታኣ እንተዘይ መሊስና
እወ ንዲክታይትር ስርዓት ከነውድቖ ኮንቱ ሓሊምና
ኣታሃላልዋናን መርኣያ ምስልና መዔቀኒ ኡኩል ኣለና
ብሓቂ ህዝብና ኣብ ጎንና ኣሰሊፍና ዓወት እንተ ደሊና
ኢታ መፍትሕ ኣብዚ ዋዕላ ኣላ ኣብ ኢድና

ዓወት መስርሕ ሃገራዊ ዋዕላ ንድምኩራሲያዊ ለውጢ
ኣልሞት ኣደማር ልሑኩማ ህግደፍ እስትዕማር
ውድቀትን ዕንወትን ነቲ ዲክታይተር ስርዓት ህግደፍ
ዕለት 14/7/2010